# <u>ሰሚናር ህዝቢ ኣብ ከተማ ሃምቡርግ</u>

ብዕለት 12.01.2020 ንኩሎም ሃገራውያን ዜጋትት ዝኣመተ ህዝባዊ ሰሚናር ኣብ ከተማ ሃምቡርግ ተኻይዱ። ዝኸረ ስማእታት ብድሕሪ ምክያድ ፡ ካብ ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ሃምቡርግን ከባቢኣን ኣቶ ክፍሎም ጸሃየ ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብምትሕልላፍ ፡ ወግዓዊ ኣኼባ ተጀመረ።

ኣብዚ ``ቁጠባዊ ወፍሪ ኣብ ኤርትራ ``ዝብል ኣርእስቲ መብዛሕትኦም መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ሰሚናር ኔሩ ፤

ኣብዚ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ጀርመን ተረኺቡ።

ተሳታፍነት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ (ዲያስፖራ) ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት(sectors) ዕድላት ቁጠባዊ ወፍርን ካልእን ክዓዝዝ፡መንግስቲ ኤርትራ ሎሚ ጥራይ ዘይኮነ፡ድሕሪ ናጽነት`ውን ብዙሕ ዕድላት ከምዝሃበ ይዝከር፡ ኢሉ፤ ብምቅጻል፡ሕጂ`ውን ብዙሕ ዕድላት ነቲ ዝሓለፈ ዓመታት ብሰንኪ ዘጋጠመና ተጻባኣን ዓበይቲ ብድሆታት ሃገርና ንቕድሚት ንምስጓም፡ንዕብየትን ምዕባሌን ቁጠባ ሃገርናን ፡ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብና፥ዘድልዮ ቀንዲ ጠለባት ኣብ ምምላእ ዝሕግዝ ወፍሪ ከካይዱ፡መንግስቲ ብዘውጽኦ መምርሕን ኣገባባትን፡ ኩሉ ዜጋ ብውልቂ ይኹን ብእኩብ ኣበርክቶ ክገብሩ፡ብዝርዝር መግለጺ ሂቡ።

ቀጺሉ ኣቶ ተኽሉ ለባሲ፡ሓላፊ ዱፕሎማስን ሜድያን ኣብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ፥ ብወገኑ፡ ቁጠባዊ ወፍሪ ቅድሚ ምርዳእና፡ ``ልምዓት `` እንታይ ማለት`ዩ፡ ብመንጽር መንግስቲ ኤርትራ ሒዝዎ ዘሎ ስትራተጅን፡ ንነዊሕ ዝጠመተ፡ድኣ`ምበር፡ኣቋራጭ ፍታሕ ከምጽእ ከምዘይኮነ፡ነዚ ከኣ ከምቲ ብረታዊ ቃልስና ጽንዓ፡ት፡ ተወፋይነት፡ ዓቅሚ`ውን ከምዝሓተተ።ብተወሳኺ ልምዓት ክዕወት፡ናይ ነዊሕ ዝጠመተ ፓሊሲ ራእይ፡ቅኑዕ፡መንግስቲ ተመክሮን ንህዝቢ ዝሓስብ፡ማሕበራዊ ፍትሒ ከንግስ ዝቃለስ ክከውን ከምዝግባእንመንግስቲ ኤርትራ`ውን እዚ ተመክሮ ለቢሱ ይጎዓዝ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ መደምደምታ ሃገርና ናብዚ ዝተባህለ ምዕባለ ጎደና ክትምርሽ፡ ኩሎም ሃገራውያን ሰብ ሞያ ፡ንሃገሮም ክኣትዉን ዓቕሞም ዘፍቅዶ ኣበርክቶ ክገብሩ፡ጻውዒት ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም ሓፈሻዊ ሕቶታት ኣቕሪቦም፡ መልሲ ድሕሪ ምሃብ፥ ኣብ ጎኒ መንግስቶምን ህዝብን ኮይኖም ኩሉ ዓቕሞም ዘፍቅዶ ከምዝገብሩ፡ቃል ሂቦም።

ዓወት ንሓፋሽ !

ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ሃምቡርግ